ናይ ፊላደልፊያ ዞባዊ ቤት ትምህርቲ

# መሳርያ ኩልኩል እዩ

ብመሰረት ናይ ፔንሲልቫንያ ሕጊ ነፍስወከፍ ተምሃራይ ዕድሚኡን ናይ ትምህርቲ ደረጃኡን ብዘየገድስ እንተድኣ ኣብ ጊዜ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራም ይኹን መስርሕ ወይ ከኣ ናብቲ ዝግበር ናይ ቤት ትምህርቲ ፕሮግራም ይኹን መስርሕ ኣብ ዝጎዓዘሉ ጊዜ ይኹን ካብቲ ዝግበር ናይ ቤት ትምህርቲ ፕሮግራም ይኹን መስርሕ ኣብ ዝምለሰሉ ጊዜ (ብናይ ቤት ትምህርቲ ኣውቶቡሳት ይኹን ብናይ ህዝቢ ኣውቶቡሳት) እንተድኣ **መሳርያ** ሒዙ ተረኺቡ **ክእሰርን ከምኡ'ውን** ንሓደ ዓመት ዝኣክል ካብ ቤት ትምህርቲ **ክስጎግ** ከምዝኾነ ይገልጽ።

እቲ ሕጊ ናይ **መሳርያ** ትርጉም ከምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፥ „ዝኾነ ካራ፣ ንመቑረጺ ዘገልግል መሳርያ፣ ናይ መቑረጺ መተዓየዪ፣ መተኮሲ ብረት፣ ሽጉጥ፣ ጠበንጃ ወይ ካልእ ተመሳሳሊ መሳርያታት ኮይኑ ኣብ ኣካላት ወዲ ሰብ ከቢድ ሓደጋ ከውርድ ዝኽእል ይኸውን"። እቲ ሕጊ ከምዝብሎ እቲ ተምሃራይ ምንም እኳ ቅድሚ ምእሳሩን ምስጓጉን ነቲ መሳርያ ኣይጠቀመሉ ወይ ክጥቀመሉ ኣይፈትን ድኣ እምበር ከምዚ ዓይነት መሳርያ ሒዙ ምስ ዝርከብ ጥራሕ ብሕጊ የቕጽዕ እዩ። ሕዝካ ምጽናሕ ክባሃል ከሎ ድማ ማለት እንተድኣ መሳርያ ምስኡ ይኹን ኣብ ናይ ትምህርቲ ቦርሳ፣ ወይ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ጠረጴዛ ይኹን ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ሳጹን ሒዙ ምስዝርከብ ኢዩ። ብተወሳኺ እውን ነብስኻ ንምክልኻል ኢልካ ዝተሓዝ መሳርያ ካብ ሕጊ ወጻኢ እዩ።